ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAY,
SUPREME COURT

ዕለት: 14|08|2016
Date:
ቑፅሪ: 01|56|366|2016
Ref. No:

ናብ ኩለን ማእከላይ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ

## ኣብዘለዉኦ

ዋኒኑ:-መምርሒ ምልኣክ ይምልኸት፣

ኣብ ርእሰ ዋኒኑ ከምዝሓበረ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ሓይሊ ሰበንን በጀትን ዓርሰን ኪኢለን ከማሓድራ ብኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 28 ብዝተውሃበን ሰልጣን መሰረት ኣብያተ ፍርዲ ሰቪል ሰራሕተኛታት ዝመሓደረሉ መተሓዳደሪ ደንብን፣መምርሒ መሰተካኸሊ መሃያን ብምውፃእ መፈፀሚ ሰራሓቲ ዝኾኑ:-

1.ደንቢ መተሓዳደሪ ሰቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ደንቢ ቁፅሪ 01/2016 ዓ.ም ዝወፀ 41 ገፅ ዝሓዘ፣

2.መምርሒ መሰተኻኸሊ መሃያ ሰቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 04/2016 ዓ.ም ዝወፀ 8 ገፅ ዝሓዘ ምስዚ መሰነይታ ደብዳቤ ተላኢኹ ኣሎ፡፡

ሰለዚ ካብ ዕለት 01/10/2016 ዓ.ም ጀሚሩ በቲ መምርሒ መሰረት ክትፍፅሙ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ሓላፊት ቤት ፅሕፈትን ዳይ/ኣመ/ሰ/ሐ/ሰብ ድማ ኣድላይ ዘበለ ድጋፍ ክትገብሩ የተሓሳስብ፡፡

ምስ ሰላምታ

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

ቅዳሕ

ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ሓላፊት ቤት ፅሕፈት
ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ዳይ/ኣመ/ስራ/ሓ/ሰብ

☎ 411201
411204
406043
404902
404912

✉ 328

ፋክስ 0344-404301

Email:tigray.supremecourt1@gmail.com

መቐለ MEKELLE

ትግራይ TIGRAY

# መምርሒ መስተካኸሊ መሃያ
# ሰቪል ሰራሕተኛታት
# ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ

ቁ.04/2016 ዓ/ም

ሚያዝያ 2016 ዓ/ም
መቐለ

# መእተዊ

ኣብያተ ፍርዲ ብ/ክ/መ/ትግራይ ብኣዋጅ 332/2012 ብዝተወሃበን ስልጣን መሰረት ሓይሊ ሰበንን በጀተንን ዓርሰን ክኢለን ከማሓድራ ክኢለን እየን፡፡ ብምኳኑ እውን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ካብ ወርሒ ታሕሳስ 2016 ዓ/ም ጀሚሩ ኮሚቴ ቐረፃ መሓውር ኣጣይሹ ይሰርሕ ምፅንሑ ዝፍለጥ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ምስቲ ስራሕ ባህሪ ሕልኽላኽነት፣ ተሓታትነትን ክብደትን መሰረት ዝገበረ ንፅዑ ዝመስል መሓውር ቐሪፁ ናብ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ኣቕሪቡ ኣፅዲቑ እዩ፡፡

ስለዚ እቲ ዝፀደቐ መሓውር መሰረት ብምግባር ናይቲ ክልል ዓቕምን ናይ ቤት ፍርዲ በጀትን ብዘይጻፋእ መልክዑ ንሰራሕተኛ ድልድል ኣካይድካ ንምኽፋል ዝወስዶ ግዘን ዝዉደአ በጀትን ዝለዓለ ምኳኑ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ስለዚ ንብዙሕ ዓማውቲ ይቐርቡ ዝነበሩ ሕቶታት ኣብ ሓፂር እዋን ብዉሱን መልክዑ ንምፍታሕ፣ ኣብ ዘለዎ ስራሕ መደብ ኾይኑ መስተካኸሊ መሃያ ሲቪል ሰራሕተኛታት መምርሒ ምዉፃእ ኣድላይ ብምኳኑ ብመተሓዳደሪ ሲቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ደንቢ ቁፅሪ 01 ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቐፅ 3 መሰረት እዚ መምርሒ ኣዳልዩ ኣሎ፡፡

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

## ክፍሊ ሓደ
## ሓፈሻዊ ትሕዝቶ

**ዓንቀፅ 1.**

እዚ መምርሒ "መምርሒ መስተኻኸሊ መሃያ ሲቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 04/2016" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል፡፡

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

ኣጠቓቕማ ቃል ካሊእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኾይኑ ኣብ ዉሽጢ እዚ መምርሒ፣

1. ቤት ፍርዲ፡- ማለት ላዕለዋይ፣ ማእኸላይን ወረዳን ቤት ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፡፡
2. ፕረዚደንት፡- ማለት ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኾይኑ ከከም ኣጠቓቕማ እቲ ቃል ንፕረዚደንት ማእኸላይን ወረዳን ቤት ፍርዲ ከውክል ይኽእል እዩ፡፡
3. ልምዲ ስራሕ፡- ማለት ኣግባብነት ካብ ዘለዎ ሞያ ግብሪ ተኸፊሉ ዝተወሃበ ግልጋሎት ዝተረኸበ እዩ፡፡
4. "ሰራሕተኛ ቤት ፍርዲ" ማለት ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዘሎን ዝምልከቶ ኣካል ቐሪፁ ዘፅደቖ መሓውር ዝቑፀርን ሰራሕተኛ ኾይኑ ብሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መመሓደሪ ሰራሕተኛታት ዝመሓደርን እዩ፡፡
5. "ተደላይ ኽእለት" ማለት ንሕድሕድ መደብ ስራሕ ዘድሊ ብርኪ ትምህርቲ፣ ሞያ፣ ልምዲ ስራሕን ብቕዓትን ዘጠቓለለ እዩ፡፡
6. "ድልድል" ማለት ምልክታ ቑፃር፣ ዝውውር፣ ወይ ዕብየት ከይወፀ ሰራሕተኛ ብተመሳሳሊ ብርክን መሃያን ወይ ዝለዓለ ብርክን መሃያን ወይ ብስምምዕነት እቲ ሰራሕተኛ ሒዝዎ ዝነበረ መሃያ ከይተነከየ ኣብ ዝተሓተ መደብ ስራሕ መዲብካ ከሰርሕ ምግባር እዩ፤
7. "ሲቪል ሰራሕተኛ" ማለት ካብ ሹመኛ ወፃኢ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝሰርሕ ኩሉ ሰራሕተኛ ማለት እዩ፡፡
8. "መስተኻኸሊ መሃያ" ማለት ሰራሕተኛ ቤት ፍርዲ ድልድል ከይተገበረ ኣብ ዝሰርሐሉ ስራሕ መደብ ኾይኑ በቲ ሓዱሽ ዝተቐረፀ መሓውር መሰረት ነቲ ስራሕ መደብ ዝተቐመጠ ብርክን መሃያን ምፍቃድ ማለት እዩ፡፡

ዓንቀፅ 3. ወሰን ተፈፃምነት

እዚ መምርሒ ኣብ መላእ ሲቪል ሰራሕተኛታት ላዕለዋይ፣ ማእኸላይን ወረዳን ኣብያተ ፍርዲ ተፈፃምነት ይህልዎ፡፡

ዓንቀፅ 4. ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ መምርሒ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ እውን ዝሓውስ እዩ፡፡

## ክፍሊ ኽልተ

ዓንቀፅ 5. ዕላማ መስተኻኸሊ ብርክን መሃያን

ብመሰረት ሓዱሽ ተቖሪፁ ዝፀደቐ መሓውር ክሳብ ስሩዕ ድልድል ዝግበር ኣብ ዝሰርሐሉ መደብ ስራሕ ኾይኑ እቲ ዝተፈቐደ ብርክን ምሃያን ጥቕሚ ጥቕምን ክስተኻኸል ምግባር እዩ፡፡

ዓንቀፅ 6. ዝርዝር ዕላማ

1. በቲ ሓዱሽ ተቖሪፁ ዝፀደቐ መሓውር መሰረት ድልድል ንምክያድ ዝወስዶ ግዘን በጀትን ዝለዓለ ስለ ዝኾነ ኣብ ዝሰርሐሉ መደብ ስራሕ ኾይኑ እቲ ዝፀደቐ መሓውር ንምጅማር እዩ፤
2. እቲ ንዓመታት ሕቶ ዝቐርበሉ ዝነበረ ቐረፃ መሓውር ስለ ዝፀደቐ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝዓለመ እዩ፤
3. ሰቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ዘቕርብዎም ዝተፈላለዩ ጥርዓናት ሙሉእ ብምሉእ ዋላ ኣይፈታሕ ብዉሱን መልክዑ ብምፍታሕ እወሃህባ ግልጋሎት ዳይነት ኣብ ፅሬቱ ንምምሕያሽ ዝዓለመ እዩ፡፡

ዓንቀፅ 7. ስልጣንን ተግባርን ዳይሬክቶሬት ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ

1. መደብ ስራሕ ንዘለዎም ሰራሕተኛታት ካብ ዕለት 1/10/2016ዓ/ም ጀሚሩ ዝሕሰብ ደብዳበ መስተኻኸሊ መሃያ ንሕድሕድ ሰራሕተኛ ክፀሓፈሉ ይገብር፤
2. ኣብ ሓፈሻዊ መምርሒ መስተኻኸሊ ብርክን መሃያን ጥቕሚ ጥቕምን መብርሂ ክሕተት ከሎ መብርሂ ይህብ፣
3. ኣብ ኩለን ኣብያተ ፍርዲ እቲ መስተኻኸሊ መምርሒ ብዝተቐመጠ ግዜ ሰሌዳ ይፍፀም ምህላዉ ዕለታዊ ክትትል የካይድ፤ ይድግፍ፤

4. ብዛዕባ እቶም መደብ ስራሕ ዝተሰረዞምን ዝዓበየሎምን ሰራሕተኛታት ንፁር መረዳእታ ይሕዝ፣

5. መደብ ስራሕ ዝተሰረዞምን ዝዓበየሎምን ዝርዝር መረዳእታ ብምሓዝ ቅድሚ ድልድልን ቁፃርን ምፍፃሙ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ዝህሉ ክፍቲ መደብ ስራሕ ማለት ነቲ ሒዞሞ ዝነበሩ መደብ ስራሕ ዝምጥን ክኸውን ንዝጣየሽ ኮሚቴ ሞያዊ ድጋፍ ይህብ፣

ዓንቀፅ 8. ስልጣንን ተግባርን ግዜያዊ ኮሚቴ

1. መስተኻኸሊ ብርክን መሃያን ተጀሚሩ ዝውደኣሉ ትልሚ ብምድላው ብዝምልከቶ ፕረዚደንት ክፀድቕ ይገብር፤

2. ሰራሕተኛታት መደብ ስርሖም ዝተሰረዘ ወይ ዝዓበየ ሰራሕተኛታት ሽም ዝርዝር፣ ብርኪ ትምህርቲ፣ ልምዲ ስራሕ ካብ ሓይሊ ሰብ ይቕበል፤

3. መረዳእታ ሕድሕድ ሰራሕተኛ ተጠርኒፉን ተዋዲዱን ካብ ኣመራርሓ ስራሕ ሓይሊ ሰብ ዝበፅሖ ምኻኑ የረጋግፅ፣ ኣድላይ ኾይኑ እንተረኺብዎ ዋና መዝገብ ብምስሓብ ትኽክለኛነቱ ክረጋግፅ ይኽእል፤

4. መስተኻኸሊ ብርክን መሃያን ሰራሕተኛታት ተሰሪሑ ምስ ተወደአ ንፕረዚደንት ብምቕራብ ክፀድቕ ይገብር፤

5. ኣብ ኣግባብ ኣፈፃፅማ መስተኻኸሊ ብርክን መሃያን ዝተርኣዩ ፀገማትን ዝተወሰዱ መፍትሕታትን ዝገልፅ ፀብፃብ ንፕረዚደንት የቕርብ፤

6. ኮሚቴ መስተኻኸሊ ብርክን መሃያን ሙሉእ ብሙሉእ በዚ መምርሒ እዚ ናይ ምስራሕ ሓላፍነት ኣለዎ፤ እቲ ኮሚቴ ኣብ መስተኻኸልን ብርክን መሃያ ሰራሕተኛትት ካብዚ መምርሒ'ዚ ድንጋገ ወፃኢ ብምስራሕ ንዘጋጥሙ ፀገማት ብሓባርን ብውልቀን ተሓታቲ እዩ፡፡

ዓንቀፅ 9. ምጥያሽ ግዜያዊ ኮሚቴ መስተኻኸሊ መሃያ

1.1 ኣጣይሻ ኮሚቴ መስተኻኸሊ መሃያ ሰራሕተኛታት

1. ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርድን ሓሙሽተ ወይ ሸዉዓተ ኣባላት ዝርከብዎ ኮሚቴ መስተኻኸሊ መሃያ ሰራሕተኛ ይጣየሽ፤

2. ኮሚቴ መስተኻኸሊ መሃያ ተፀዋዕነቱ ንፕረዚደንት ይኸውን፤

3. ተዋፀኦ እዚ ኮሚቴ መስተኻኸሊ መሃያ ሲቪል ሰራሕተኛታት ኣብ ትሕቲ ምድብ መጋባእያታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ውክልና ብዘረጋግፅ መልክዑ ኾይኑ ይጣየሽ፤ ዝስዕቡ ኣባላት ድማ ይህልዉዎ፡-

ሀ. ብኻረዚደንት እቲ ቤት ፍርዲ ዝውክል ......... ኣካብን ፀሓፍን ይህልዎ፤

ለ. ብሰራሕተኛታት ቤት ፍርዲ ዝውክል ከከም ኩነታቱ ካብ 5-7 ኣባላት ይህልውዎ፤

ሐ. ኩሎም ኣባላት ጊዚያዊ ኮሚቴ መስተኻኸሊ መሃያ ማዕረ ድምፂ ይህልዎም፡፡

ዓንቀፅ 10 . ምልኣተ ጉባኤ ኮሚቴ መስተኻከሊ መሃያ

ዝግበር መስተኻኸሊ መሃያ ክንዲ ዝክኣል ኩሎም ኣባላት ኮሚቴ ኣብ ዝተረኸብሉ ይፍፀም፤ ኮይኑ ግና ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾኑ ዝተፋላለዩ ምኽንያታት ኩሎም ኣባላት ኣብ ዘይተረኸብሉ እዋን ኣካቢ ሓዊሱ ፍርቅን ተወሳኺ ሓደ ኣባልን እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ኾይኑ ክካየድ ይኽእል፡፡

ዓንቐፅ 11. ኣወሃህባ ውሳነ

ኮሚቴ መስተኻኸሊ መሃያ ኣብ ሕድሕድ መደብ ስራሕ ኣብ ዘካይዶ መስተካከሊ ዝህቦ ውሳነ ክንዲ ዝክኣል ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ዝተመስረተ ይኸውን፤ ኾይኑ ግና ኣብ ምድማፅ እንተበፂሖምን ማዕረ ድምፂ እንተኾይኖምን ድምፂ ኣካቢ ዘለዎ ወገን ውሳነ ናይቲ ኮሚቴ ኾይኑ ይሓልፍ፤ ዝተፈለየሉ ምኽንያት እንተልዩ ኣብ ቃለ ጉባኤ ኣኼባን ኣብ ውሳነ ሓሳብ መቕረቢ ቕጥዒ ብፅሑፍ ክሰፍር ኣለዎ፡፡

## ክፍሊ ሰለስተ

## ስርዓት ምፍቃድ መስተኻኸሊ መሃያ ሰቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ

ዓንቀፅ 12. መስተኻኸሊ መሃያ ዝፍቀድ

1. ቐዋሚ ሰራሕተኛ ኾይኑ መፀውዒ ስራሕ መደብ ዘለዎ፤
2. ኣብ ቀዋሚ ስራሕ መደብ ተቖፂሩ 6 ወርሒ እዋን ፈተነ ዘይወደአ ነቲ ዝተመደበሉ መደብ ስራሕ ዝተቐመጠ ብርክን መሃያን ይረክብ፤
3. ብዕብየት ይኹን ብዝውውር ኣብ መደብ ስራሕ ዘለዎ ዓብዮም ወይ ተዛዊሮም ዝሰርሑ ዘለዉ ቀወምቲ ሰራሕተኛታት እውን ይምልከቶም፤

4. ብመሰረት ምዕዳኽ ሓዱሽ መሓውር ኣብያተ ፍርዲ መደብ ስራሕ ልዒሉ እንተተቐሪፁ ኣብቲ መደብ ስራሕ ተመዲቡ እናሰረሐ ዝነበረ ሰራሕተኛ እቲ ስራሕ መደብ ዝሓቶ ተዳላይ ብርኪ ትምህርቲ፣ ሞያ፣ ክእለትን ብቕዓትን ዘለዎ ምዃኑ እንትረጋገፅ ናብቲ ዝለዓለ መደብ ስራሕ ይምደብ፤

5. ኣብ ቀዋሚ መደብ ስራሕ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ብኮንትራት ተቖፂሮም እናሰርሑ ንዝፀንሑ ሰራሕተኛታት ቤት ፍርዲ ብኮንትራት ሰራሕተኛነት ሒዞምዎ ዝፀንሑ መደብ ስራሕ ኣብዚ ሓዱሽ መሓውር ኣብያተ ፍርዲ ዝተቐመጡ ተዳላይ ብርኪ ትምህርትን ስራሕ ልምድን ዘማልእዎ እንተኾይኖም ነቲ መደብ ስራሕ ዝተፈቐደ ብርክን መሃያን ይኸፈሎም፡፡

ዓንቀፅ 13. ተሓታትነት

1. ዝኾነ ይኹን መራሒ ስራሕ ወይ ሰራሕተኛ ብዘለዎ ስልጣን ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝፍፀሞም ተግባራት መስተኻከሊ መሃያ ተሓታቲ ይኸውን፤
2. ኣብ እዋን ምስትኽኻል ብዘይ ሕጋዊ ወይ ብዝተጭበርበረ መረዳእታ ትምህርቲ፣ ልምዲ ስራሕ፣ መረዳእታ ሕክምናን ካልኦት መረዳእታታትን መሰረት ብምግባር ዝተረኸበ ምደባን ካልኦት ጥቕማ ጥቕምን እቲ ጌጋ ካብ ዝተረኸበሉ እዋን ጀሚሩ ይስረዝ፤ እቲ ጌጋ ዝፈፀመ ኣካል ድማ ተሓታቲ ይኸውን፡፡

ዓንቐፅ 14. ዝተኸልከሉ ተግባራት

1. ናይዚ መምርሒ ፍሉይ ፍቓድ ብዝረዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዘይተወሃበሎም ብሓዱሽ መሓውር ቤት ፍርዲ መሰረት ዝተፈጠሩ ሓደሽቲ ክፍቲ ስራሕ መደባት ሰራሕተኛ ምምዳብ ኣይፍቀድን፤
2. ንትሕቲ ሓደ ዓመት ኣብ ቤት ፍርዲ ኮንትራት ወይ ጊዜያዊ ሰራሕተኛ መስተኻኸሊ መሃያ ምሃብ ፈጺሙ ክልኩል እዩ፡፡

ዓንቀፅ 15. ኣቀራርባ ቅርታ

ብምኽንያት ዝተገበረ መስተኻኸሊ መሃያ ስራሕ ዝለዓሉ ቅሬታት ብዝስዕብ ኣግባብ እናተረኣዩ ይፍፀሙ፡፡

ዓንቀፅ 16. ምቕራብ ጥርዓን

በቲ መስተኻከሊ መሃያ ዘይተሰማምዐ ዝኾነ ሰራሕተኛ እቲ መስተኻከሊ ግልፂ ካብ ዝኾነሉ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልትታት ስራሕ ቅሬትኡ ኣብ ዓንቅፅ ቁፅሪ 17 ንዝተጣየሸ ኮሚቴ የቕርብ፡፡

ዓንቀፅ 17. ምጥያሽ ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን

ኣብ ዝተገበረ መስተኻከሊ መሃያ ዝለዓሉ ቅሬታት ኣፃሪዩ ውሳነ ሓሳብ ዘቕርብ 3 ኣባላት ዘለውዎ ኮሚቴ ይጣየሽ፡፡ ኣባላት እዚ ኮሚቴ ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም:-

1. ብፕረዚዳንት ዝውከል 1 ኣካቢ፣
2. ብሰራሕተኛታት ቤት ፍርዲ ዝምረፁ 2 ኣባላት (ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ) ይህልዎ፡፡

ዓንቀፅ 18. ውሳነ ሓሳብ ዝቐርበሉ ገደብ

ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ብፅሑፍ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልትታት ስራሕ ውሳነ ሓሳብ ንፕረዚደንት ከቕርብ ኣለዎ፡፡

ዓንቀፅ 19. ዳይሬክቶሬት ሓይሊ ሰብ ውሳነ ዘፍልጠሉ ግዜ ገደብ

ዳይሬክቶሬት ሓይሊ ሰብ ውሳነ ሓሳብ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ስራሕ ናይ መወዳእታ ውሳነ ክህብ ኣለዎ፡፡ ውሳኒኡ ንጥርዓን መቕረቢ ብፅሑፍ ክፍልጥ ኣለዎ፡፡

20. ምቕራብ ይግበኣኒ

ብውሳነ ጥርዓን ሰማዒ ዘይዓገበ ሰራሕተኛ በብደረጅኡ ናብ ዝርከቡ ሓለፍቲ ኣብያተ ዕሕፈት ይግበኣኒ ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል እዩ፡፡ በዚ ዘይዓገበ ብናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕሬዝዳንት ዝወሃብ ውሳነ ናይ መወዳእታ ይኸውን፡፡

ዓንቀፅ 21. ምምሕያሽ ዝምልከት

ስልጣን ምምሕያሽ እዚ መምርሒ ናይ ኣካቢ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ክልል ትግራይ ኾይኑ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነ እዋን ከመሓይሾ ይኽእል፡፡

ዓንቀፅ 22. መምርሒ ዝፀንዓሉ እዋን

እዚ መምርሒ እዚ ካብ 01/10/2016 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዕ ይኸውን፡፡

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፕሬዝደንት ላዕ/ቤት ፍርዲ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ